ናይ ሕሊና ጸሎት (እሰመ ክብርት)

1. **ናይ ፈጣሪ ኣደ** ሆይ ናይ ኩሉ ግዜ ሓለዋኺ ከይፍለየኒ ኣብ ዝጓዓዞ ተጉዓዚ ኣብቲ ዝናገረሉ ግዜ ተናገሪ ኣብቲ ዝወፍረሉ ዉፈሪ መንገደይ ኣስተኻኽሊ ኣብቲ ብኽፉእ ዝምልከተኒ ጸላእየይ ናይ ልቡ ሓሳባት ዝርዝር ኣቢልኪ ብትንትን ኣቢልኪ ህልንኡ ሰዉሪ ኣንደበቱ እሰሪ ናተይ ናይ ኣገልጋሊኺ ናይ ልበይ ሓዘን ለዊጥኪ ፍስሃ ኣበስሪ ሓለዋኺ ኣጠንክሪ ኣሜን።

2. **ኦ ኣዴና ማርያም** ዝተፈላለየ መከራ ፈተና ኣባይ ኣብ ልዕለይ ንምብጻሕ ዝተዳለወ ጎዶሎ መዓልቲ ብቕልጡፍ ዝኾነ ረዳእታኺ በጺሕኪ ካባይ ኣርሕቕዮ እምበር ሰቕ ኣይትበሊ ሰቕ ኢልኪ ኣይትመልከቲ ጠጠዉ ኣብ ዝበልኩሉ ቦታ ጠጠዉ

ኢልኪ ካብ ድቃሰን ካብ ሃኬትን ኣንቂሕኪ ቅብኣ መንፈስ ቅዱስ ቅብእኒ ብመለኮት መሪሕነት ነገረይ ኣጥዒምኪ ኣብ ኩሉ ሞገስ ኣትርፍለይ ኣሜን።

3. **ኦ ድንግል** በረኸትኪ ኣብ ልዕለይ ኣዝንቢ ዝጻረረኒ ዝቃወመኒ ሰብ ኣፉ ልጎሚ ኣንደበቱ ዕበሲ ጎሮሩኡ ዕጸዊ እዝኑ ኣደንቁሪ ሓይሉ ኣድክሚ ብናይ ወድኺ መለኮታዊ ሴፍ ክሳዱ ቆሪጽኪ ኣዉድቂ ኣብ ልዕለይ ዘሸካዕልል ናይ ጸላኢ ዲያብሎስ መንገብገብ ሰበሪ ኣሜን።

4. **ኦ ድንግል** ናይ ኩላትና መመክሒትን ሓላዊትን ኢኺ ካብ መዓልቲ ወራር ካብ ለይቲ ወራር ኣድሕንኒ ናይ ሂወተይ መሰጋገሪት ኣስካላ ኢኺ ኣብ ባሕሪ ጠሊቕካ ካብ ገደል ወዲቕካ ካብ ምማት ኣድሕንኒ ኣሜን።

5. **ኦ ድንግል** ታኣምራታዊ ሓይሊ ምግባር ዝከኣለኪ ናይ ዓለም ንግስቲ ንስኺ ኢኺ ከጥፍኣኒ ዝደለየ ጸላኢ ቀልጢፍኪ ናይ ጥፍኣት ገደል ደርብዮ ተኸታቲሉ ሃዲኑ ከጥቃዓኒ ዝዳሎ ጸላኢ ቀልጢፍኪ በጺሕኪ ዓይኑ የዕዉሪ ኢዱ ሓንካሰ ግበሪ እግሩ የሕጽርዮ ኣሜን።

6. **ኦ ኣዴና ማርያም** ናይ ሓጥኡ ኣገልጋሊኺ ልመና ተቐቢልኪ ተሰናኺለ ከይወድቕ ደግፍኒ ናይ ወድኺ ጠለ ምሕረት ኣብ ልዕለይ ኣዝንቢዮ ኣብ ወድኺ ናይ ሂወት መጽሓፍ ስመይ ጽሓፍዮ ናይ ጸላእየይ ክሳድ ቅዘፍዮ።

7. **ኦ ኣዴና ማርያም** ብቕድስና ኺ ብንጽህና ኺ ነብሰይ ሰዉነተይ ቀድስያ ብሓይሊ ካብ ዝደፍኡኒ

ተንኮለኛ ጸላኢ ኣድሕንኒ ካብ ድንገት ሞት ሰወርኒ ኣሜን።

8. **ኦ ኣዴና ማርያም** ናይ ዓለም ኩሉ መመኽሒት ኢኺ'ሞ ሰጋይ ከም ሸምዓ ካብ ዝቐልጦ ካብ ሰጋዊ ፍቓድ ሓዊ ኣድሕንኒ ልቦና ዘዋቐዑ ናይ ዘመናት ማዕበል ምብጽባጽ ብጸሎትኪ ሓይሊ ቀጥ ኣብልለይ ብደም ካብ ዝሰኸረ ዓማጽየይ ሰብ ሰወርኒ ኣሜን።

9. **ኦ ኣዴና ድንግል** ካብ ዝመጸኒ ካብ ዝወርወረኒ ክፉእ ነገር ኩሉ ብሚካኤልን ገብርኤልን መንገብገብ ከሊልኪ ሰወርኒ ምስ ዝኾነ ሰብኣዊ ፍጡር ፍቐሪ ሓድነት ሃብኒ ቅድሚ ምማተይ ብንስሃ ጎደና ምርሕኒ ካብ ዝኸድክዎን ካብ ዝወዓልክዎን ብሰላም ብሰናይ ናብ ገዛይ መሊስኪ

የእትዉኒ ኣብ ዓለም ካብ ዝጻብኣኒ ካብ ዝቃወመኒ ካብዚ ምድሪ ነቒልኪ ኣዉድቕለይ ወድኺ ሓጥያተይ ይቕረ ክብለለይ ለምንለይ ኣሜን።

10. **ኦ ኣዴና ድንግል** ክብርኽን ገናነትክን ክናገር ዝኽእል መን እዩ ንሱ **እግዚኣብሔር** መሪጽኪ እዩ ኦ ድንግል **ማርያም** መላእኽቲ የኽቡርኺ ኪሩቤልን ሱራፌኤልን የመስግኑኺ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ናይ መለኮት መሕደሪ ኮይንኪ ኢኺ ምስጋና ይግብኣኪ።

11. **ኦ ኣዴና ድንግል** ካብ ፍጥረታት ኩሉ ዝበለጽኪ ኢኺ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ካብ **እግዚኣብሔር** ንታሕቲ ከማኺ ዝኸበረ የለን ነኽብረኪ ነመስግነኪ።

12. ናይ መለኮት መሕደሪት **ኦ ድንግል ማርያም** ብመዓልትን ብለይትን ንዓኺ ዘይንሓስበሉ ግዜ የለን ብዓይኒ ሕሊናይ ዘይርእየሉ ግዜ የለን መሕደሪት መለኮት ዝተመስገንኪ ዝኾበርኪ ናይ ክብርኺ ነገር ክናገር ዝክኣሎ ከመይ ዝበለ ኣንደበት እዩ ናይ ጽርሃ ኣርያም ብርሃን ስለ ቅድስናኺ ምስማዕ ዝክኣሎ ከመይ ዝበለ እዝኒ እዩ።

13. **ኦ ኣዴና ድንግል ማርያም** ናይ ዓለም ኩሉ ህዝቢ ንክብርኺ ንሊእልናኪን ከመይ ዝበለ ምስጋና ይከኣል ነገር ግን ምስጋና ክብርኺ ብሰብ ኣንደበት ተነጊሩ ኣይዉዳእን እዩ ስለዝኾነ ከኣ ከም ቅዱስ ገብርኤል ሰላምታ ብእግዚኣብሔር ተፈታዉነት

ረኺብኪ ኢኺ ጸጋ ክብሪ ዝተመልኣኪ ደስ ይበልኪ እንዳበልኩ የመስግነኪ።

14. **ኦ ኣዴና ድንግል ማርያም** ወላዲት ኣምላኽ ሆይ ክብርኺ ተፈታዉነትኪ ዓቢ ከም ምኻኑ ብሰብን ብመላእኽትን ዝተፈተነኺ ብስላሴ ከኣ ተፈታዉነት ዝተጎናጸፍኪ ኢኺ ብተንኮል ብኽፍኣት ብቕንኣት ዝተናነሱኒ ጸላእተይ ቁጠዓን መዓትን ይዉረዶም ከም ደመና በኒኖም ከም ትኪ ተኺኾም ይጥፍኡ ኣብ ዝኹዓትዎ ጉድጓድ ይዉደቑ።

15. **ኦ ኣዴና ወላዲተ ኣምላኽ** ንግሆ ክትሰእ እግዚኣብሔርን ንዓኺ ኣዴና ንኹሎም ቅዱሳን ብጸሎት ምእንቲ ከመስግን ዘነቓቕሕ መንፈስ ሕሊናይ የሕድለለይ ሰራሕ ሓዉኻ ፈታዊ ግበርሉ

ዝሰርሐ ባርኽለይ ኣገልግሎተይ ቀድሰለይ ናይ ዕለት ምግበይ ናይ ዓመት ክዳነይ ሃብኒ ሓጥያት ከይሰርሕ ተቐጻጺርኪ ካብ ፈተናን መከራን ሰወርኒ።

16. **ኦ ኣዴና ድንግል** ብጸሎት ኢደይ ናባኺ ምስ ዘርጋሕኩ ምእንታይ ምጽላይ ቅዱሳን የእዳዉኪ ንጹሃን ኣጻብዕትኺ ናብ ወድኺ ዘርጊሕኪ ዝኸበደ ጭንቀተይን መከራይን ንምቅላል ኣብ ጎነይ ተረኺብኪ ኣረጋግእኒ ኣነ ብባዕለይ ድኻምን ትሩፋትን (ምግባር) ናይ ምጽንናዕ ሓይሊ የብለይን።

17. **ኦ ኣዴና** ናተይ ዉድቀት ዝምነዩ ኩሎም ባዕሎም ዝወደቁ ይኹኑ ዉርደተይ ዝፈትዉ ባዕሎም ይዋረዱ ኣነ ኣገልጋሊኺ ግን ልዕል ልዕል

ኣብልኒ ብቕንዕና ዝምልከቱኒ ኩሎም ባዕሎም ዝተናዕቑ ይኹኑ ንዓይ ክብርን ተፈታዉነትን ብልጽግናን ሃፍትን ግበርለይ ንዕኦም ግን ሓሳር ካብ እግዚኣብሔር ይተኣዘዞም ንዓይ ግን በረከት ረዲኤት ኣብዝሕለይ ንኣብ ንወልድ ንመንፈስ ቅዱስ ምስጋና ይግባእ ኣሜን።

ኣለዓዒሉ ንዘጀመረና ኣጀሚሩ ንዘፈጸመና ንልዑል እግዚኣብሔር ምስጋና ይብጻሓዮ፣

ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ፍቕራን ኣማላድነታን ኣይፈለየና፣

ኣሜን።